ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ጉሎ መኽዳ ኣብ ወረድኡ ንዝርከባ ኣብያተ ፅሕፈታት ንዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ሕትመት ግልጋሎትን ቀወምቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑትን፣ ከምኡ ድማ ናብ ጣብያ ኣዲስ ኣለም ዝወስድ መንገዲ ንምፅራግ እትውዕል ኤክስካቫተር ማሽን ክራይ ተካርዩ መንገዲ ንምፅራግ ግልጋሎት ክራይ ማሽን ክዕድግ ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 18, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 8, 2011 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢ ሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:ጉሎመከዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 8, 2011 5:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ማሽነሪ ክራይ/

1 ናይ ተጫረቲ ሽም፣ ፊርማ፣ ኣድራሻ፣ ማህተም ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ክገብሩ ኣለዎም፤

2 ተጫረትቲ ዝተሓደሰ ናይ 2011ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ፣ ቲን ናምበር፣ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት፣ ቫት ሰርቲፊኬት፣ ቫት ዝተመዝገብሉ ናይ ወርሒ ሕዳር 2011 ዓ/ም ዲክለር ዝገበርሉ ትገናዘበ መረዳእታ ኮፒ ብምቅራብ ክትወዳደሩ ትክእሉ፤

3 በዚ መሰረት ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ከ/ስ/ዕ/ምም/ንብረትን ምልክታ ካብ ዝወፀኣሉ ዕለት ጀሚሩ ብር 100.00 ብምክፋል ምውሳድ ትክእሉ፤

4 መከበሪ ጨረታ ንሕትመት ግልጋሎትን ንኤሌክትሮኒክስ ቀወምቲ አቕሑት 3000.00 ከምኡድማ ናይ ኤክስካቫተር ማሽን ክራይ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ብሸም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝክእል፤

5 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 08/06/2011ዓ/ም ሰዓት 5:00 ቅ.ሰዓት ኮይኑ ጨረታ ዝክፈተሉ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 5:30 ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ከ/ስ/ዕ/ምም/ንብረትን ይክፈት፤

6 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት እንተደኣ ብካላንደር ዝዕፆ በዓል ኮይኑ ኣብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ብተመሳሳሊ ሰዓት ይፍፀም፤

7 ተጫረቲ ዝህብዎ መጫረቲ ዋጋ ን45 መዓልቲ ፀኒዑ ዝፀንሕ ምካኑ ኣብቲ ዘቕርብዎ ናይ ጨረታ ሰነድ ከረጋግፁ ይግባእ፤

8 ተወዳደርቲ ዋጋ እትትመልኡ ኣብ ዝወስድኩምዎ ዝርዝር ስፔስፊኬሽን ኣብ ዝተዳለወ ቅጥዒ ጥራሕ እንትከውን በዚ መሰረት ተጫረቲ እትመልእዎ ዋጋ ድማ ቫት ዝሓወሰን ናይ ሕትመት ቀወምቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑትን መፅዓንን መራገፍን ካብ መቅረባይ ምካኑ፣ ናይ ኤክስካቫተር ማሽን ክራይ ናይ ኤክስካቫተር መፅዓንን መራገፍን /ሎቤድ/ ናብቲ ዝተብሃለ ቦታ ብምውሳድ ዝወፅእ ወፃኢ ካብ በዓል ዋና ኤክስካቫተር ምካኑ ክፍለጥ ኣለዎ፤

9 ንናይ ኤክስካቫተር ማሽን ክራይ ጠቅላላ ወፃኢታት ከም ነዳዲ፣ ናይ ዘብዐኛ ፣ናይ ፅገና ይኹን ካልኦት ወፃእታት ካብ በዓል ዋና ኤክስካቫተር ዝሸፈን ይከውን፤

10 ተጫረቲ ጨረታ እንጫረተሉን ዝክፈተሉን ቦታ ኣብ ወረዳና ከ/ስ/ዕ/ምም/ንብረትን ምካኖም ፈሊጦም ክጫረቱ ዝክእሉ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንትረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

12 ኣድራሻና ወረዳ ግሎ መከዳ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከ/ስ/ዕ/ምምሕዳረን ንብረትን እዩ፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-340126/0910430948/0937-037779 ምድዋል ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle